## ህዝቢ ትግራይ  እዚ ኩሉ መስዋእቲ ክኸፍል የድልዮ ዶ ነይሩ?

እዚ ጽሑፍ ሳልሳይ ክፋል ናይቲ “ትግራይ ናበይ” ዝብል ጹሑፈይ መቀጸልታ እዩ። ኣብ ጹሑፈይ ካብ ቀዳማይ ወያነ ክሳብ እዚ ሕጂ እዋን ዘሎ ኣወንታውን ኣሉታውን ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ገሊጸ ነይረ። ሕጂ'ውን ህዝቢ ትግራይ መጀመርታ ከም ኢትዮጵያውያን ምስ ኢትዮጵያውያን ብሰላም ዝነብርሉ፣ ከም ጎረቤት ሃገረ ኤርትራ ካብ ቂምን ቅርሕንትን ተንከልን ወጺኦም ናይ መጻኢ ሂወቶም ንከማዕድዉ መልእኽቲ ናብ ኣብ ሙሉእ ዓለም ዝርከቡ ትግራዎት መልእኽቲ ንምትሕልላፍ እዩ።

መንግስቲ ኢትዮጵያ በይናዊ ናይ ቶኽሲ ደው ምባል ኣዋጅ ወሲኑ ሙሉእ ሰራዊቱ ካብ ክልል ትግራይ ክስሕብ እንከሎ ህዝቢ ትግራይ ምስ ነብሱን ምስ ደቁን መኺሩ ናብ ሰላም ንምብጻሕ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ህዝቢ ትግራይ ተዓፊኑን ተገዲዱን ኣገልጋሊ ናይ ውሑዳት ገበነኛታት ኮይኑ ንሰላም ዕብየትን ትግራይ ዘሪጉ ከይኣኽሎ ናይ ክባቢኡ ዘሎ ኣህዛብ ሰላም ኣብ ምዝራግ ይርከብ ኣሎ።

ህዝቢ ትግራይ ምስ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተዋጊኡ እንታይ ይረብሕ? ሓረስታይ ትግራይ ንካልኣይ ግዜ ናይ ክራማት ግዜ ሓሪሱ ነብሱ ክኽእልን ካብ ምጽወታን ልመናን ክድሕን፣ ትግራይ ዓውደ ኩናት ከይትኸውን ንዝወጸ ሰራዊት ደድሕሪኡ ኼድካ ንመንእሰያትን ሓረስታይን ትግራይ ኣብ ኩናት ምጥባሱ እንታይ ረብሓን ትርጉምን ኣለዎ?

እዞም ዉሑዳት ካብ ሞት ዲሒኖም ብሂወት ዝርከቡ መራሕቲ ወያነ ኣብ ዝተፈላለየ መግለጺኦም ምስ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝወራረድ ሕሳብ ኣሎና እንዳበሉ ይምድሩ ኣለዉ። ናይ ምንታይ ሕሳብ እዮም ከወራርዱ ዝደልዩ ዘለዉ? ሃብቲ ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ራስዮምን ዘሚቶምን ዘጥረይዎ ንብረት እንደገና ናብ ዋንነቶም ንምምላስን ብሕጊ ከይሕተቱን ድዩ? ኣብ ዝሓለፈ 27 ዓመታት ሰሪቆም ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያን ኣሜሪካን ኤሮጳን ኣውስትራልያን ቻይናን ዘጥረይዎ ንብረት እዚ ኢልካ ክትጽብጽቦ የሸግር እዩ። ብመሰረት ሓበሬታ ሚንስትሪ ፋይናንስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ'ዚ ወያነ ኣብ ስልጣን ዝጸንሕሉ ዓመታት ብመራሕቲ ወያነን ተሓባበርቶምን ዓመታዊ ልዕሊ ሰለስተ ቢልዮን ዶላር ካብ ኢትዮጵያ ተዘሚቱ ይወጽእ መይሩ።

መብዛሕትኡ እዚ ገንዘብ ናብ ኣሜሪካን ካናዳን ዓዲ እንግሊዝን እዩ ዝልኣኽ ነይሩ። ብዓለም-ለኻዊ ሕጊ ይትረፍ ከምዚ ብዝሒ ዘለዎ ገንዘብ ዉሑድ ናይ ውልቀሰባት ገንዘብ ምንጩ እንተዘይተረጋጊጹ ማኒ ላውንድሪ ዘይሕጋዊ ገንዘብ ተባሂሉ ይኽልከልልን ይህገርን እዩ። እዚ ኩሉ ናይ መራሕቲ ወያነ ገንዘብ ናብ'ዘን ናይ ምዕራብ ሃገራት ክዘዋወር እንከሎ ስለምንታይ ኣይተኸልከለን? መራሕቲ ወያነ እቲ ዝተሰርቀ ገንዘብ ምስ ከምባዓል ሱዛን ራይስን ሓለፍቲ ናይተን ኣለቃሕቲ ትካላትን ተመሻጢሮም ይገብርዎ ስለዝነበሩ ነዚ ስርቂ ዝብድህ ዓለምለኻዊ ሕጊ ኣይነበረን።

እዞም ትግሊ ምስ ወያነ ተሓባቢሮም ምስ ወያነ ዝሰርቁ ዝነበሩ ምዕራባውያን ሕጂ ጥቕሞም ስለዝተተንከፈ ዘየሎ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዓመጽን ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ሰባትን ገበን ኣብ ትግራይ ከምዝተፈጸመ እንዳምሰሉ ድሕነት ሃገራት ኣብ ሓደጋ ንምእታው ጻዕሪ የካይዱ ኣለዉ። ብኣንጻሩ ሰራዊት ወያነ ኣብ ክልል ዓፋርን ኣምሓራን ወሪሩ ብምእታው ዝፍጽሞ ዘሎ ገበናት ርእዮምን ሰሚዖም ስቕታ መሪጾም ኣለዉ።

ኢትዮጵያ ብቕዋም እትምሓደር ፈደራላት ሃገር እያ። ነፍሲ ወከፍ ብሄር ወይ ክልል ድማ ውሽጣዊ ምምሕዳር ነጻነት ኣለወን፣ ኩለን ብሔራት ድማ ብመሰረት ብዝሒ ህዝቢ ኣብ ፓርላማ ውክልና ኣለወን። እዚ ድማ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓባር ዝምርሓሉ ደሞክራስያዊ መስርሕ እዩ።

ትግራይ ከም ሓንቲ ክልል፣ ህዝቢ ትግራይ ድማ ከም ህዝብን ቢሄርን ብመሰረት ፈደራላዊ ቕዋም ክልሎም ትግራይ ከማሓድሩ መሰልን ስልጣንን ኣለዎም። እዚ ድማ ኣብ ትግራይ ይኹን ኣብ ኢትዮጵያ ብደሞክራስያዊ መንገዲ ዝተመርጸ ኣብ ክልሉን ኣብ ማእከላይ መንግስቲን ቦታ መሪሕነት ኣለዎ።

ከም ዝፍለጥ ወያነ ነቲ ፓርላማ ናይ ኢትዮጵያ ብሰንኪ ሕማም ኮሮና ምርጫ ክመሓላለፍ ዝወሰኖ ብምቕዋም ቢኢደወነኖም ንኩለን ተቓወምቲ ወድባት ከየሳተፉ ምርጫ ኣካይዶምን ብሕጊ ንዝሕተቱ ሰባት ናብ ፈደራላዊ መንግስቲ ምርካብ ብምእባይን ኣብ ትግራይ ዝነበረ ናይ ኢትዮጵያ መከላኸሊ ሰራዊት ደቂሱ እንከሎ ብምቕታል ብረቱን ንብረቱን ብምዝማት ጠንቂ መበገስን ናይ'ዚ ዝርኢ ዘሎ ኩናትን ዕንወትን ኮይኖም ኣለዉ።

ድኸመታት ናይ ኢትዮጵያ ሓይልታት ምክልኻል ንንኒ ገዲፍና፣ ሰራዊት ወያነ ኣብ ክልል ኣምሓራን ዓፋርን ብምእታው እዚ ዘይብሃል ግፍዕን ገበንን ፈጺሞምን ይፍጽሙን ኣለዉ። ወራሪ ሰራዊት ወያነ ኣብ ኩሉ ዝኣተውዎ ቦታታት ናይ ሕክምና መሳርሒ፣ናይ ኮለጃትን ዩኒቨርሲታትን ንብረት፣ ናይ ሕርሻ መሳርሕን መካይንን ባንክታትን ብምዝራፍ ናብ ትግራይ ኣግዒዞሞ። እቲ ክወስድዎ ዘይካኣሉ ድማ ድማ ጌና እንዳዕነዉ ይኸዱ ኣለዉ። ብፍላይ ናይ መንግስቲ ቤት ጽሕፈታት ኣብኡ ዝነበረ ዶኩመንትታት ብምቕጻል ብምዕናውን ህዝቢ ቀጻሊ ኣገልግሎት ከይህልዎ ጌሮሞ። እቲ ዝኸፍኤ ድማ ንደቂ ኣንስትዮ ምዕማጽን ኣረጋውያንን ህጻውንትን ናይ ሃይማኖት መራሕትን ኣደታትን ብግፍዒ ይቀትሉ ኣለዉ።

መራሕቲ ወያነን መሁራት ትግራይን እንዶ ዘይብሎም ንመጻኢ ኣርሒቖም ዘይሓስቡ ምኽኖም ኣብ'ዚ ዝፍጽምዎ ዘለዉ ወራር ብብሩህ ተራእዩ ኣሎ። እቲ ምጽብጻብ ወይ ምውርራድ ዝብልዎ ዝነበሩ ድማ ከዕንዉን ክቀትሉ ከዘምቱን ምኻኑ ሕጂ በሪሁ። እዚ ወራሪ ሓይሊ ኣብ ኢትዮጵያ ተዓዊቱ ነይሩ እንተዝኸውን ናብ ኤርትራ ተገምጢሎም እንታይ ክገብሩ ከምዝደልልዩ ብሩህ እዩ ።

ክንርስዖ ዘይብልና ኣብ ሳልሳይ ወራር ወያነ ናብ ኤርትራ ኣብ ዝኣተውሉ ኣብ ልዕሊ ትካላት ህዝብን መንግስትን ብምዕናው መቃብር ሓርበኛታትና ዝፈሓሩ ሕጂ'ውን እዞም

ካብ ሞት ተሪፎም ንግብረሽበራዊ ጉጅለ ወያነ ዝመርሑ ዘለዉ ዉሑዳት ገበነኛታት ኣብ መራኽቢ ቡዙሓን እንዳ ወጹ ብተደጋጋሚ ሕኒኦም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ክፈድዩ ምኳኖም እዚ እንተዘይገሮም ድማ “ ንሕና ትግራዎት ኣይኮናን” እንዳበሉ ፈኸረኦም የስምዑ ኣለዉ። ፈኸራኦም ክሳብ ክንደይ ግብራዊ ይኸውን ንግዜ ገዲፍና፣ ንሕና ኤርትራውያን መዓንጣና ሸጥ ኣቢልና ንዝመጽእ ኩነታት ክንዳለወሉ ከም'ቲ ኣቦታትና ዝብልዎ ውሕጅ ከይመጸ መንገዲ ውሕጅ ጽረግ ዝብሃል እቲ ክግበር ዘለዎ ክሳብ ጸላኢና ኣብ ውሽጢ ምድሪ ቤትና ዝኣቱ ክንጽበዮ የብልናን።

ኣብ ዝሓለፈ 60 ዓመት ዝኸፈልናዮ መስዋእቲ ቀሊል ኣይነበረን። ሃገር ድማ ሳላ መስዋእቲ ዝኸፈልና ክሳብ ሕጂ ህልውቲ ኮይና፣ ንብድሕሪ ሕጂ ድማ ህላውነታ ክቕጽል እንተኾይኑ መስዋእቲ ዝኸፍል መንእሰይ እንተዘይሃልዩ ዝሓለፈ መስዋእትና ንኸንቱ ክተርፍ ይኽእል እዩ። ስለ'ዚ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ኢድን ጓንትን ኮይኑ ጉቡኡ ክገብርን ንዝበጋገስ ዘሎ ጸላኢና ኣብ ደምቢኡ ክንቀብሮ ኣሎና።

ግርማይ የማነ

ርያድ 11/09/2021